National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

RIVM

A. van Leeuwenhoeklaan 9
3721 MA Bilthoven
Postbus 1
3720 BA Bilthoven
www.rivm.nl

T +31 88 689 8989
info@rivm.nl

ካብ 2024 ጀሚሩ ኣብ ሃገራዊ መደብ ክታበት ሓድሽ፡ ምክልኻል ኣንጻር ሮታቫይረስ

# ካብ 1 ጥሪ 2024 ጀሚሮም ንዝውለዱ ሕጻናት ዝኸውን ክታበት ኣንጻር ሮታቫይረስ ኣሎ

## ሮታቫይረስ እንታይ እዩ?

ሮታቫይረስ ኣብ ከስዐን መዓናጡን ነድሪ የስዕብ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ንኣሽቱ ሕጻናት ይኽሰት። ንሕጻናት ረስኒን (ከቢድ) ውጽኣትን ይገብረሎም፣ ዕግርግር ይብሎምን ንኸምልሱ ድማ ይግደዱን።

## ተላባዒ

ሮታቫይረስ ኣዝዩ ተላባዒ እዩ። ኣብ ቀልቀል ናይቶም በቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ ሰባት ድማ ይርከብ። ናብ ሽቓቕ ድሕሪ ምብጻሕካ፣ እቲ ቫይረስ ኣብቲ ናይ ሽቓቕ ኮፍ መበሊ ዓንኬል፣ መኽፈቲ ቡንቧ ማይ ወይ ናይ ማዕጾ ለዓት ከዕርፍ ይኽእል፣ ኣብ ናይ ሕጻናት መጻወቲ ኣቑሑት እውን ክበጽሕ ይኽእል። ብኸምዚ መንገዲ ድማ እቲ ቫይረስ ናብ ኣእዳው ክሓልፍን፣ ናብ ካልእ ከስፋሕፍሕን ይኽእል።

## ኣብ ሆስፒታል ምእታው

ሕጻናት ብሰንኪ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ወይ ከቢድ ዝኾነ ውጽኣት ናይ ኣካሎም ጠሊ ክጽንቀቕ ይኽእል እዩ፣ ስለዚ ድማ ናብ ሆስፒታል ክኸዱ ኣለዎም። እዚ ኣብ ዓመት ኣብ ከባቢ 3,500 ሕጻናት የጋጥም። ብሳዕቤን ሮታቫይረስ ድማ ኣብ ዓመት ካብ 5-6 ሕጻናት ይሞቱ።

## ህሉው ክታበት

ሮታቫይረስ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ኮይኑ፣ ካብ 2006 ጀሚሩ ኣንጻር ሮታቫይረስ ዝወሃብ ክታበት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ቀጻሊ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል ኣሎ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብኡ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ሆስፒታል ዝኣትዉ ሰባት ኣዝዩ ጎዲሉ ኣሎ።

## ነጠብጣብ

እቲ ክታበት ፈሳሲ እዩ፣ ከምኡ እውን ኣብ ንእሽቶ ቱቦ እዩ ዝመጽእ። ሕጻናት ነቲ ፈሳሲ ብኣፎም ብነጠብጣብ ከምዝወስድዎ ድማ ይግበር። እዚ ኣብ ማእከል ጥዕና ሕጻናት እዩ ዝፍጸም። ሕጻናት ነዚ ነጠብጣብ ዝወስድዎ ኣብ ከባቢ 6-9 ሳምንታት ዕድሚኦም፣ ከምኡ እውን እንደገና ኣብ ከባቢ 3 ኣዋርሕ ዕድሚኦም እዩ።

## ጎድናዊ ሳዕቤናት

ከምቲ ኣብ ነፍስወከፍ ክታበት ዘጋጥም፣ ጎድናዊ ሳዕቤናት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ሕጻናት ጽቡቕ ኣይስምዖምን ወይ ቁሩብ ውጽኣት ይገብረሎም። እዚ ብዙሕ ከቢድ ኣይኮነን፣ ከምኡ እውን ካብቲ ብሰንኪ እቲ ቫይረስ ዘጋጥም ጸገማት ዝያዳ ንዝሓጸረ እዋን ዝጸንሕ እዩ። ካልኦት (ሳሕቲ ዘጋጥሙ) ጎድናዊ ሳዕቤናት እውን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፣ እዚኦም ድማ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ ሃገራዊ መደብ ክታበት ተዘርዚሮም ይርከቡ። ከበድቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት ሳሕቲ እዮም ዘጋጥሙ። ውላድኩም ድሕሪ ክታበት ኣዝዩ እንተድኣ ሓሚሙ ድማ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ርክብ ግበሩ።

ተወሳኺ ክትፈልጡ ወይ ካልኦት ቋንቋታት ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ ተወከሱ፡ https://rijksvaccinatieprogramma.nl/translations-letters-brochures-about-vaccinations-and-infectious-diseases